# ጽምብል በዓል ሃገራዊ መዓልቲ ደቀንስትዮ
# ኣብ ከተማ ከለን ብዓወት ተዛዚሙ

ሃገራዊ መዓልቲ ደቀንስትዮ ብዓል 8 መጋቢት ብዕለት 03.03.2012 ኣብ ከተማ ከለን "ሓድነትናን ጽንዓትናን ባብ ርህው መጻኢና የርሑ!!" ኣብ ትሕቲ ዝብል ጭርሖ ተኸብረ ። መደብ ብዓል ብዝኽረ ስማእታት ብድሕሪ ምኽፋት ኣደ መንበር ሃ.ማ.ደ.ኤ. ከለን ወ/ሮ ጸጋ ሰዩም ንተሳተፍቲ በዓል ናይ እንቋዕ ብደሓን መጻእኩም መልእኽቲ ብምትሕልላፍ ፡ ነቲ በዓል ዝምልከት ካብ ሃ.ማ.ደ.ኤ.ን ኣምባሳደር ሃገረ ኤርትራ ኣብ ጀርመን ተላእከ መግለጺታት ኣቕረበት።

ንኽብሪ ሸሞንተ መጋቢት፡ ብኣቶ እድሪስ ኣሕመድ ዑመር ፡ኣቦ መንበር ማ/ኮም ከለንን ከባቢኣን ፡ ብኣቶ እስቲፋኖስ ወልደማርያምን ኣቦ መንበር ህዝባዊ ግንባር ንዲሞክራሲን ፍትሕን ከለንን ከምኡውን ብወኪል ፌስቲቫል ኤርትራን ሸማግለ መኸተ ጀርመንን ናይ ደገፍን ዮሃናን መልእኽቲ ብድሕሪ ምትሕልላፍ ፡ ኣካየድቲ ኣካል ሃ.ማ.ደ.ኤ. ወ/ሮ ምሕረት ክብረኣብን ወ/ሮ ደሃብ እያሱን ንተሰተፍቲ ብዓል ኣብቲ ብኣባላት ሃ.ማ.ደ.ኤ. ተዳለወ ባህላዊን ሃገራዊን ፕሮግራም ንኸዋስኡ ዓደማ።

ብምኽንያት በዓል 8 መጋቢት ኣብ ከተማ ከለን ካብ ዛቐረቡ መልእኽትታት ፡ ኤርትራውያን ደቀንስትዮ ፈለማ ሃገራዊ ናጽነት ንምርግጋጽ ፡ ብቐጻሊ ኣብ ምሕላውን ምዕቃብ ልዑላውነትን ሰላም ዝሰፈናን ስልጥንቲን ምዕብልቲን ኤርትራ ንኽትከውን ኣብ ዝተኻየደ ቃልሲ፡ ዘመዝገባኦ ዓወት መዳርግቲ ዘይብሉ ተሳታፍነት፡ ኣብ ሰራዊት ማዕረ ብጾተን ደቂ ተባዕዮ ዘመስከርኦ ቃልሲ ፤ ኣብ መላእ ሃገር ዘዋደድ ዘሎ ትሕተ-ቅርጺ ፤ ማሕበራዊ ኣገልግሎታትን ፡ ልምዓታዊ መደባትን ፤ ምምሕያሽ ሂወት ሕብረተ-ሰብን ከምኡውን ሓላኺ ዝኾነ ድሑር ባህልታት ኣብ ምብዳህን ኣብ ምምዕባል ወለዶታትን ዓቢ ግደ ዘበርከታን ብቐጻሊ ኣብ ወጻኢ ዝነብራ ኤርትራውያን ደቀንስትዮ ፡ ኣብ ርእሲ እቲ መሪር ናይ ስደት ናብራ ፡ ዓንዲ ሕቆ ስድራቤትን ሃገራውያን ማሕበራትን ጉጅለታትን ኮይነን ሕላገተን ኣጽኒዔን ንዝመጸ ተጻብኦታትን ኣብ ሓድነትን ሰላምን ክበሪ ህዝቢን መንግስቲ ኤርትራን ንምዕንቃፍ ዝመጸ ተጻብኦታት ከም ወትሩ መኪተን ዘፍሸላን ህዝባዊ መኸተና ንኽዕወትን ዓቢ እጃም ዝኸፈላን ተዓዊተን ዘዕወታን ብምዃን ዝምስክር ነበረ ።

ዕድመ ኣኽቢሮም ነቲ ኽቡር በዓል ንምጽንባል ካብ ከለንን ከባቢኣን ከተማታት ዝመጹ ሃገራውያን ተሳተፍቲ ብብዝሒ ሕጻናትን ከምኡ'ውን ብፍሉይ ፒርናፌን ውዳበን ዝመጻ ኣባላት ሃ.ማ.ደ.ኤ. ሹፐርታልን ከባቢኣን ፡ ብዝተራእየ ሕጉስን ሓድነት ዝመልኦ ሃዋህውን ነቲ በዓል ፍሉይ ድምቀትን ምዓርግን ብምሃብ ፡ መደብ ሃገራዊ መዓልቲ ደቀንስትዮ ኣብ ከተማ ከለን ብዓወት ተዛዚሙ።

ዓወት ንሓፋሽ
ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንስውኣትና
ሃ.ማ.ደ.ኤ. ከለን